# <u>ደምዳሚ ኣዋጅ 7ይ ጉባኤ</u>

# <u>ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ (ሃኮሰኤ)</u>



ሻውዓይ ጉባኤ ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ፡ **"ሓያል ውዳበ ንኣድማዒ ማሕበር"** ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ካብ 27-29 መጋቢት 2017 ዓ.ም፡ ኣብ ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ተኻይዱ። ኣብ መኽፈቲ ጉባኤ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ሚኒስተራት፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስቲን ግንባርን፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ ዲፕሎማሰኛታት፡ ዕዱማት፡ ተዓዘብቲን 255 ተጋባእቲን ዝርከብዎም 519 ሰባት ተሳቲፎም። ብዘይካ'ዚ፡ ኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ (ILO) ዝርከቦም፡ ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝመጽኡ 30 ወከልቲ ኣህጉራዊን ዞባዊን ሞያዊ ማሕበራት ሰራሕተኛታትን ትካላትን እውን ተሳቲፎም።

ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ኣብ መኽፈቲ ኣብ ዘስምዖ ቃል፡ እቲ ኣብ ነዊሕን ዘሐብንን ድሕረ ባይታ ቃልሲ ሰራሕተኛታት ኤርትራ ዝተሰረተ ሃገራዊ ኮንፈደረሽን፡ ብዛዕባ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን ዘሰላሰሎ ዕማምን ናይ መጻኢ ምረሻኡን ምሕታት እዋናዊ ምዃኑ ብምምልካት፡ ነዚ ሕቶ'ዚ ኣብ ምምላስ - ንኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ጥራይ ዘይኰነ፡ ንኣካላት መንግስቲ፡ ማሕበራት፡ ኮርፖረሽናትን ዝተፈላለዩ ዋኒናትን ዘሳትፍ ምዃኑ ሓቢሩ። ራኢን ስትራተጂን ናይ ዝሓለፈ ጉዕዞ ርብዒ ዘበን ህንጻት ሃገር፡ (1) ዘላቒ (Sustainable) ምምሕያሽ ዓይነት ሂወት ዜጋታት ናይ ምርግጋጽ ሽቶ ምዕቃብ፡ (2) ንሓቀኛ ቁጠባዊ ዕብየትን ራህዋን ፍርያት (Production) ምኽዕባት፡ (3) ምህርቲ ንምኽዕባት ኣብ ኩላቶም ጽላታት ብርትዓዊ ዞባዊ ዝርገሐ፡ ድልዱል ትሕተ-ቕርጺ ምንጻፍ፡ (4) ኣብ ኩላቶም ጽላታት፡ ኢንዱስትሪታትን ዋኒናትን ብዘሎ ሃገራዊ ክህሎታት (Potential) ብቑዕ ዕድላት ዕዮ ምፍጣር፡ (5) መድርኽ-ብመድርኽ ብቑዕን ጽሩይን ትካላት ምህናጽ (6) ልዕሊ ኩሉ ኸኣ፡ ኣብ ኩላቶም ጽላታት ኢንዱስትሪታትን ዋኒናትን፡ ብቑዕ፡ ኣፍራዪ፡ ሞያዊን ብልዑል ዲሲፕሊን ዝተሃንጸ ዓያዪ ጉልበት ምፍጣር፡ ምውዳብን ምስሳንን ምዃኑ ከኣ ኣስሚሩሉ።

ዘቤታዊ ኩነታትን ምዕባለታቱን፡ ምስ ዓለማዊን ዞባዊን ኩነታትን ምዕባለታትን ተዛሚዱ ከም ዝረአን፡ ስለ ዝኾነ ድማ ብጠማሪ ኣተሓሕዛ ክኸይድ ከም ዝጸንሐ ዝሓበረ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ዝሓለፈ ርብዒ ዘበን፡ እቶም ድሕሪ ምብቃዕ ዝሑል ኲናት፡ እንኮ ቐጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት ንኽፈጥሩ ምግላብ ካብ ዝጀምሩ፡ ኣብ ዓለም፡ ኣውራ ከኣ ኣብ ጎደቦ'ዛ ሃገር፡ ረኣዩ-ስምዑ ዘየድልዮ ህውከት፡ ዕንወትን ቊጠባዊ ስቅያትን ከም ዝተፈጥረ ገሊጹ።

ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ እንኮ ቀጽራዊ ስርዓት ንምንጋስ፡ ምስይጣን፡ ምድሃኽ፡ ንምንቅስቓስ ሰራሕተኛታትን ንማሕበራዊ ፍትሒ ዝጣበቑ ሓይልታት ምክሽማሽን ምድኻምን፡ ምውቕቓዕ ከም ዝነግስ ምግባር፡ ጥረ-ነገራት ብሕልፊ ዘይማዕበላ ሃገራት ምምዝማዝ፡ ካብ ኩለንትናዊ ምዕባለ ምኽላፍ፡ ብብልሹውን (Corrupt) ወኪል ኣጀንዳታቶም ዝኾነን ስርዓት ከም ዝመሓደሩ ምግባር፡ ላህመት ጸጋ ሰበን ተዘቒቑ ከም ዝሳግም ምግባር፡ ለማኒን ተመጽዋቲን ምግባር. . . ከም ተሓለቕቲ ንብዓት ሓርገጽ ጸረር ምባል. . . ኣብ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን ካብ ዝነበሩ ተርእዮታት ምዃኖም ብዝርዝር ኣረዲኡ።

ኣብ መወዳእታ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ጉባኤ ሃኮሰኤ፡ ንኹላቶም ጉዳያት ክምልስ ትጽቢት ኣይገበር ደኣ'ምበር፡ ዘቤታዊ ሽቶታት ንምጭባጥ፡ ኣብ'ቶም ኣውራ ምስ ዕዮን ዓያዩነትን ዝተፈላለየ ጽላታት ዝዛመዱ ጉዳያት ኣበርክቶኡ ንምዕዛዝ፡ ከምኡ'ውን ተመኩሮታት ንምልቕቓሕን ግዳማዊ ምሕዝነት ንምድልዳልን ሓደ መርሓ ጐደና ስኢሉ ክወጽእ ተላብዩ።

ሰራሕተኛ ብዘይሃገር ከቢሩን ቀሲኑን ክሰርሕ፡ ሃገር እውን ብዘይሰራሕተኛ ክትምዕብልን ክትብልጽግን ከም ዘይከኣል ዘገንዘበ ዋና ጸሓፊ ሃኮሰኤ ኣቶ ተኸስተ ባይረ ድማ፡ ኤርትራውያን ሰራሕተኛታት ምእንቲ ናጽነት ሃገር ፖለቲካዊን ዕጥቃዊን ቃልሲ ከም ዘካየዱን ኣብ ድሕሪ ናጽነት ብዶብ ተሳቢቡ ዝተፈጥረ ኲናትን ጸኒሑ ዝሰዓበ ተጻብኦታትን ኣብ ምቅላስ እጃሞም የበርክቱ ከም ዘለዉን ብምግላጽ፡ ሃኮሰኤ፡ ዋላ'ኳ ሃገራዊ ዕማሙን ዕዮ ምውዳብ ሰራሕተኛታትን ኣይዘንግዕ፡ ብሰንኪ ግዳማዊ ተጻብኦታት ንገለ ካብ ዕማማቱ ከወንዝፍ ከም ዝተገደደ ሓቢሩ።

ሃኮሰኤ፡ ካብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ብዘንጸፎ ባይታ፡ ድሕሪ ናጽነት ምስ ዝተፈላለያ ኣህጉራዊን ዞባዊን ውድባትን ሞያዊ ማሕበራትን ቀጻሊ ርክባት ከም ዘካይድን፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዓበይቲ ኣህጉራዊ ዋዕላታት እናወደበ፡ ንጥፈታት ሃኮሰኤ ክዕዘቡን ሓቀኛ ምስሊ ኤርትራ ክሕዙን ኣብ ምግባር ከም ዝሰርሐ ዝሓበረ ኣቶ ተኸስተ ባይረ፡ ጉባኤ ኣብ መጻኢ መደባቱ፡ ንኤርትራውያን ሰራሕተኛታትን ሃገሮምን ኣብ ዘርብሕ ዝምድናታት ምእንቲ ከትክል፡ ብዕምቈት ክግምገሞ ዘለዎ ጉዳይ ምዃኑ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ዋና ጸሓፊ ኣቶ ተኸስተ ባይረ "ሕሉፍ እናገምገምካ ንቕድሚት ምምራሽ፡ ባህሪ ናይ'ቲ ዘዕበየናን ኣብ'ዚ ዘብጻሓናን ፖለቲካዊ ባህሊ ህዝባዊ ግንባር እዩ'ሞ፡ ኣብ'ዚ ባህሊ'ዚ ተመርኲስና፡ ብልጫታትናን ድኻማትናን እናገምገምና ንቕድሚት ንኽንስጉም፡ ኣብ'ዚ **"ሓያል ውዳብ ንኣድማዒ ማሕበር"** ብዝብል ቴማ ዝኸፈት ዘሎ ጉባኤና ኣገደስቲ ሓሳባት ንጽበ" ክብል ዛዚሙ።

ሻውዓይ ጉባኤ ሃኮሰኤ ብዘይካ'ዚ፡ ***"ሰላምን ምትሕብባርን ኣብ ኣፍሪቃን ኣንፈታት ምዕባለን"*** ብዝብል ኣርእስቲ ብሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የማነ ገብረኣብ ዝተዋህበ ሰሚናር ኣእንጊዱ። ኣቶ የማነ ኣብ መግለጺኡ፡ ኣብ ዜግነት ዝተመርኰሰ ፖለቲካዊ ስርዓትን ንክውንነት ሃገርካን ህዝብኻን ዘንጸባርቕ ምምሕዳራዊ ኣካይዳን፡ ካብ ወሰንቲ ረቛሒታት ንምህናጽ ብልጹግን ርጉእን ሕብረተሰብ ምዃኖም ሓቢሩ። ኣብ ዝበዝሓ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ኣብ ብሄር፡ ሃይማኖት፡ ባህሊ፡ ቀቢላ ዝምርኮስ ፖለቲካዊ ስርዓት ምምሕዳራዊ ቅርጺን ብምህላዉ፡ ከም መጨበጢ ስልጣን ኰይኑ ከም ዘሎ ብምግላጽ፡ እዚ ጠንቂ ዘይርጉእነትን ግርጭታትን ዝኾነ

ኣካይዳ፡ ኣብ ዜግነትን ሃገራዊነትን ዝተሰረተ ፖለቲካዊ ስርዓት ዘይምህላዉ ዘስዓቦ ምዃኑ ኣብሪሁ። ኣቶ የማነ፡ መሰረት ብልጹግን ርጉእን ሕበረተሰብ፡ ውዱብን ዘላቕን ተሳታፍነት መላእ ሕብረተሰብ ኣብ ፖለቲካዊ መዳያት ሃገር ምዃኑ ብምሕባር፡ ብዘይተሳትፎ ብቐንዱ ሰራሕተኛታት፡ መንእሰያት፡ ደቂ-ኣንስትዮን ካልኦት ኣካላት ሕብረተሰብን ሰላምን ብልጽግናን ኣህጉር ኣፍሪቃ ክረጋገጽ ከም ዘይክእል ኣገንዚቡ። ወሲኹ እውን ምቕዳሕ ወይ ምርዓም ናይ ካልኦት ተመኩሮን ሓደገኛነቱን ብምዝርዛር፡ ኣፍሪቃ ናይ ገዛእ-ርእሳ መንገዲ ኩለንትናዊ ዕብየት ክትቅይስ ከም ዝግባእ ኣነጺሩ። ኣቶ የማነ ኣብ'ቲ ዝሃቦ ሰፊሕ ሰሚናር፡ ዝበዝሑ ግርጭታት ኣብ ኣፍሪቃ፡ ምብሓት ስልጣንን ጸጋታትን ብውሑዳት ጉጅለታት ከም ዘንቀሎም ብምሕባር፡ ዘላቒን ውዱንን ሱታፌ ሕብረተሰብ መሰረት ርግኣትን ዕብየትን ምዃኑ፡ ሓርነታዊ ቃልሲ ኤርትራ ኣብነት ከም ዝኾነ ጠቒሱ።

ኣብ 28 መጋቢት 2017 ድማ *“ቊጠባዊ ኣንፈታትን መጻኢ ዕድላት ዕዮን ኣብ ኤርትራ”* ብዝብል ኣርእስቲ፡ ብሓላፊ ቊጠባዊ ጒዳያት ህግደፍ ኣቶ ሓጎስ ገብረህይወት ሰሚናር ተኻይዱ። ኣቶ ሓጎስ፡ ስርዓተ ቁጠባ ኤርትራ ኣህላኽነት ብምውሓድ ኣፍራይነት ምኽዕባት ከም ዝኾነ ብምጥቃስ፡ ነቲ 65% ካብ ህዝቢ ኤርትራ ዝነጥፈሉ ጽላት ሕርሻ፡ ዘደንፍዕ ትሕተ-ቕርጺ መሳለጥያታት ምውዳድ ቀንዲ ኣተኩሮ ዝወሃቦ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ኣብ ዕደና ጥራይ ካብ ዝምርኮስ ቁጠባ ብምግልጋል፡ ኣገልግሎታት ዘስፍሕ ቁጠባዊ ሰረት ምኽታል ዝበለጸ ኣማራጺ ከም ዝኾነ ኣብሪሁ። ዓቕሚ ሰብ ምውዳብን ምስልጣንን ንምዕባለ ሃገር ወሳኒ ምዃኑ ዝገለጸ ኣቶ ሓጎስ፡ ውሽጣዊ ዓቕሚ ንምዕባይ ካብ'ቲ ኣተኩሮ ተዋሂቡዎ ዝሰራሓሉ ዘሎ ምዃኑ ኣረዲኡ። ረብሓን መሰልን ሰራሕተኛ ብቐጥታ ምስ ኣፍራይነት ስለ ዝተኣሳሰር፡ ሰራሕተኛታት ሃገር ብምምዕባል ረብሓኦም ምእንቲ ከደንፍዑ፡ ኣብ ኣፍራይነት ልዑል ኣተኩሮ ገይሮም ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ህርኩትን ስሉጥን ዓያዪ ዓቕሚ ሰብ ኣብ ምዕባለ ሓንቲ ሃገር ኣገዳሲ'ዩ ዝበለ ኣቶ ሓጎስ፡ ኣብ ኤርትራ ኣኺሉ ዝተርፍ ዕድላት ዕዮ ምህላዉን፡ ኣብ ኮለጃት ተማሂሮም ናብ ስራሕ ዝዋፈሩ ዘለዉ መንእሰያት፡ ምስ መጻኢ መደባት እንክረአ እኹል ምዃኑን፡ ልዕሊ ዓቕሚ እዛ ሃገር ከይከይድ ዝኽፍታ ከም ዘየለን ገሊጹ።

ኣቶ ሓጎስ፡ ዕላማ ህግደፍ፡ ብዝወሓደ ሰብ ዝለዓለ ኣፍራይነት ምጥራይ ምዃኑ ዘመልከተ ክሸውን ከሎ፡ ካብ ተሳተፍቲ ጉባኤ ዝቐረበሉ ቁጠባ ጠቀስ ዝኾነ ሕቶታት መሊሱ።

ኣብ'ዚ ጉባኤ'ዚ፡ ብዘይካ መልእኽቲ ደገፍ ሰራሕተኛታት ኩባንያ ዕደና ቢሻ፡ ካብ ዝተፈላለያ ዞባዊን ኣህጉራዊን ውድባትን ሞያዊ ማሕበራትን'ውን ናይ ምሕዝነት መልእኽትታት ቀሪቡን ተነቢቡን። ውድብ ሓድነት ሞያዊ ማሕበር ኣፍሪቃ (OATUU)፡ ኣህጉራዊ ኮንፈደረሽን ሞያዊ ማሕበር (ITUC)፡ ኣህጉራዊ ኮንፈደረሽን ሞያዊ ማሕበር ኣፍሪቃ (ITUC-Africa)፡ ሞያዊ ማሕበራት ኢጣልያ (CGIL/CISL/UIL)፡ መላእ ሞያዊ ማሕበር ቻይና (ACFTU)፡ ማእከላይ ውድብ ሞያዊ ማሕበር ኬንያ (COTU-k)፡ ኮንፈደረሽን ሞያዊ ማሕበር ቱርኪ (HAK-IS)፡ ፈደረሽን ሞያዊ ማሕበር ሰራሕትኛታት ሱዳን (SWTUF) ስዊዘርላንዳዊ ዘይመንግስታዊ ትካል (SUKE)፡ ከምኡ'ውን ኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ (ILO) ናይ ደገፍን ምሕዝነትን መልእኽቶም ኣቕሪቦም።

ኣብ ቀዳማይ መዓልቲ ሻብዓይ ጉባኤ ሃኮሰኤ፡ ኣብ *“ምውዳብ ናጽነትን ሓባራዊ ውዕልን”* ዘተኰረ ሰሚናር ብዶር. መሓመድ ምዋመድዚንጎ፡ ካብ ኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ-ኣክትራቭ (ILO/ACTRAV)፡ *“ተርእዮታት ስደት ናይ ዕዮ”* ብዝብል ኣርእስቲ ድማ ብወይዘሮ ዋፋእ ዓብደልቃድር ካብ ኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ- ቤት ጽሕፈት ካይሮ ILO/CAIRO ቀሪቡ።

ሻብዓይ ጉባኤ ሃኮሰኤ፡ ኣብ ካልኣይ መዓልቱ፡ ጉባኤ፡ ነቲ ጉባኤ ተካይድ ሰክረታርያት (ኣዛታዪት) ብደሞክራስያዊ መገዲ መሪጹ። ንሳቶም፡-

1. ኣቶ ክብርኣብ ኪዳነ
2. ኣቶ ተስፋይ ግርማይ
3. ኣቶ ጸጋይ ባህታ
4. ወ/ሮ ኣድሓነት ዓንዶም
5. ኣቶ ኣርኣያ ክብሮም እዮም።

ቀጺሉ ጉባኤ፡ ኣብ ውዳበ፡ ዝምድናታት ዕዮ፡ ትምህርቲን ስልጠናን፡ ዝምድናታት ወጻኢ፡ ምምሕዳርን ፋይናንስን፡ ህዝባዊ ርክባት፡ ኮሚተ ሰራሕተኛታት ደቂ-ኣንስትዮ፡ ንጥፈታት ዞባታትን ካልእን ዘተኰረ ጸብጻብ ዓሰርተ ዓመታት ሃኮሰኤ፡ ብዋና ጸሓፊ ሃኮሰኤ ኣቶ ተኸስተ ባይረ ሰሚዑን ብርእይቶን ሕቶን ዘትዩሉን። ኣብ መጠረሽታ ድማ ነቲ ጸብጻብ ብዓብላሊ ድምጺ ኣጽዲቑዎ።

ጉባኤ፡ ህሉው ኵነታት ሃገር ኣብ ግምት ብምእታውን ኣብ መሰጋገሪ እዋን ከም ዘለና ብምምልካትን፡ ጉባኤኡ ድሕሪ ክልተ ዓመት ክካይድ ወሲኑ። ቅዋም ማሕበር ምስኡ ብዝዛምድ መገዲ ምምሕያሽ ከም ዘድልዮ ድሕሪ ምግምጋም ከኣ፡ ኣብ ዝቐረበ ንድፊ መመሓየሺ፡ ሓሳባት ኣፍሲሱን ነጥቢ ብነጥቢ ዘትዩን ኣጽዲቑዎ።

ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የማነ ገብረኣብ፡ ኣብ መዕጸዊ ጉባኤ ኣብ ዘስመዖ ሓጺር ቃል፡ ቁጠባዊ ሓርነት ከይተረጋገጸ መነባብሮ ሰራሕተኛታት ክመሓየሽ ከም ዘይክእል ብምሕባር፡ ቀዳማይ ኣተኵሮ ሃኮሰኤ፡ ኣብ ምምዕባል ቁጠባ ሃገር ዝህልዎ እጃም ኣብ ምዕባይ ክኸውን ከም ዝግባእ ኣገንዚቡ። ሃኮሰኤ፡ ኣካል ናይ'ቲ **"ሓፋሽ ይንቃሕ፡ ይወደብ፡ ይዕጠቕ"** ዝብል መሪሕ ጭረሖ ህዝባዊ ግንባር ከም ዝኾነ ብምዝካር ከኣ፡ ምስ ውጥን ሃገራዊ ልምዓትን መኸተን ዝሳነ፡ ኣብ ምፍራይ ካድረታት ሰራሕተኛታትን ምውዳብን ምንቃሕን ሰራሕተኛታትን ክነጥፍ ከም ዝግባእ፡ ኣብ'ዚ ሓድሽ መድረኽ ዝሓሸ ዕድላት ወፍሪ ከም ዝህሉን፡ ብዝሒ ሰራሕተኛታትን ኣፍራይነትን ክብ ክብል ከም ዝኾነን፡ ስልጠና፡ ሞያ፡ ወኒ፡ መሃዝነት. . . ሰራሕተኛታት ብምትብባዕ፡ ተራ መንእሰያትን ደቂ-ኣንስትዮን ሰራሕተኛታት ንኸዓዝዝ ክሰርሕ ከም ዝግባእ ኣገንዚቡ።

<u>ውሳነታት</u>

- ከም'ቲ ብላዕለዎት ኣካላት መንግስቲን ግንባርን ኣብ ጉባኤ ዝተዋህበ መርሓ ሓሳባት፡ ሃኮሰኤ ካብ ጸቢብ ዓንኬል ወጺኡ፡ ሰፊሕ ናይ ውዳበ ምንቅስቓስ ብምክያድ ዝበዝሐ ሰራሕተኛ ምእንቲ ክሓቁፍ፡ ኣብ ብቕዓትን ኣፍራይነትን፡ ተኽእሎ መጻኢ ዕድላት ዕዮ፡ መሰላትን ግቡኣትን፡ ዓውድታት ስራሕ፡ ጂኦግራፊያዊ ዝርገሐ . . . ናይ ሰራሕተኛታት ዝርዝራዊ መጽናዕቲ ብምግባርን ናይ መጻኢ መደባት ብምስኣልን፡ ደረጃ-ብደረጃ ውዳበኡ ንኸስፍሕ ክሰርሕ፡

- ምውዳብ ሰራሕተኛታትን ሞያውያንን ኣብ መንግስታዊን ብሕታዊን ትካላት ሓይሊ ስለ ዝኾነ፡ ሃኮሰኤ፡ ብዝሒ ኣባላቱ ብዝተዓጸጸፈ ኣብ ምዕባይ ክነጥፍ፡

- ሃኮሰኤ፡ ሞያዊ ዓቕሚን ባህሊ ዓያዪነትን ሰራሕተኛታት ንምዕባይ ክሰርሕን፡ ሰራሕተኛታት ምስ ህሉው ኩነታት ቴክኖሎጂ ዝኸይድ ቀጻሊ ትምህርቲን ስልጠናን ከም ዝረኽቡ ክገብርን፡

- ሓይሊ ኮንፌደረሽን ኣብ ብቕዓት መሰረታውያን ማሕበራትን ፌደረሽናትን ሞያውያን ውዳበታትን ስለ ዝምርኰስ፡ ሃኮሰኤ ንምሕያሎምን ንምብርታዖምን ልዑል ጻዕሪ ከካይድ፡

- ውዳበ ንኽሕይልን ዘተኣማምን መሰረት ንኽህልዎን፡ ሃኮሰኤ፡ ኣብ ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ኣንስትዮን መንእሰያት ሰራሕተኛታት ኣተኵሩ ክሰርሕ፡ ከምኡ'ውን ቤት-ጽሕፈት ሃኮሰኤ ኣብ ዞባታት ምስ ኣካላት መንግስቲን ግንባርን፡ ከምኡ'ውን መሻርኽቲ ብምውህሃድ ንዕብየት ዕዮን ዓያዪነትን ኣበርቲዑ ክሰርሕ፡

- ሃኮሰኤ፡ ቀኑጠባዊ ዓቕሙ ንኽዕቢ፡ ምንጪ ኣታዊታቱ ከስፍሕ ኣበርቲዑ ክጽዕር፡

- ምስ ኣህጉራውያንን ዞባውያንን ሞያዊ ማሕበራት ዝገብሮ ዝምድናታት፡ ሓበራዊ ኣረኣእያን ውህደትን ማሕበር ሰራሕተኛታት ፈጢሩ፡ ተመኩሮታት ብምልውዋጥ ንሰላምን ምዕባለን ዞባናን ኣህጉርናን ወሳኒ ብምዃኑ፡ ሃኮሰኤ፡ ኣብ ሓባራዊ ምትሕግጋዝ ዝተመርኮሰ ምሕዝነት ክደፍኣሉ።

-

<u>ለበዋታት</u>

- ንቐጻልነትን ውሕስነትን ማሕበር፡ ሞያዊ ዓቕሚ ዘለዎምን ሃገራውነት ዘቕድሙን ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ኣንስትዮን መንእሰያት ናይ ምትኽኻእ መስርሕ ክትግበር፡

- መልዕሎ መሰረታዊ ማሕበራዊ ውሕስነት ሰራሕተኛታት ብምዃኑ፡ ሽፈነኡ ክሰፍሕን ዝሓለፈ ተመኩሮ ብምግንዛብ ንትግባረኡ ክቀላጠፍን ሕጋጋት ክወጽኣሉን፡

- ብሃማመተኤን ሃማደኤን ዝካየድ ዘሎ መንእሰያት ሰራሕተኛታት፡ ደቂ-ኣንስትዮ ሰራሕተኛታት ዝብል ኣወዳድባ፡ ኣብ ስራሕ ሃኮሰኤ ምድርራብ ይፈጥር ስለ ዘሎ፡ ተወሃሂድካ ዝስርሓሉ መገዲ ምፍጣር፡

- ንቕሓት ኣባላት ንምሕያልን ተሳትፎ ሰራሕተኛታት ኣብ ልምዓት ሃገር ምእንቲ ክዓዝዝን፡ ሃኮሰኤ፡ ኣብ ኣባላቱ ብዛዕባ ምውዳብ፣ ኣፍራይነት፣ ማሕበረ ቁጠባዊ ጉዳያት፣ ድሕነትን ጥዕናን ኣብ ቦታ ስራሕ፣ ሕጊ ዕዮን ሓባር ውዕልን . . . ወዘተ ዝምልከት ጐስጓስ ከካይድ፡

- ሃኮሰኤ፡ ኣተሓሕዛ ዓቕሚ-ሰቡን ፋይናንሳዊ ምሕደራኡን ብዘመናዊን ጽፉፍን ኣገባብ ዘመርምር ኮይኑ፡ ነቲ ዝጸንሐ ኣሰራርሓ ዓቒቡ ምስ እዋናዊ ኩነታት ዝኸይድ ስርዓት-ምሕደራ ከማዕብል።

ጉባኤ ኣብ መወዳእታ መዓልቲ ርክቡ፡ ብመሰረት'ቲ ከም መሰጋገሪ ዝጸደቐ ቅዋም ሃኮሰኤ፡ ንዝቕጽል ክልተ ዓመታት ንጥፈታት ማሕበር ዘተግብሩ 65 ቀወምቲ ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ምስ 7 ተጠባበቕቲ መሪጹ። ሰለስተ ኣባላት ዝሓዘት ተቈጻጻሪት ኮሚተ እውን ተመሪጻ። ።

ማእከላይ ባይቶ ብወገኑ፡ ኣብ 29 መጋቢት 2017 ዓ.ም. ቀዳማይ ምዱብ ኣኼባኡ ብምክያድ፡ ዋና ጸሓፊን ምክትል ዋና ጸሓፍን መሪጹ። ዝተረፉ 6 ኣባላት ፈጻሚት ሽማግለ ድማ ኣብ ዝቕጽል ኣኼባ ክምረጹ ምዃኖም ተሓቢሩ።

**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!**
**ዓወት ንሓፋሽ!!**

29 **መጋቢት** 2017
**ሆተል ኣስመራ ፓላስ፡ ኣስመራ**